# ክተት ህግደፋዊ
# ጽባሕ ከይተኡዊ

Tesfamariam Wel
017/02/2018 Norway Oslo

ካብ ኣብ ስደት ኮንካ ኲናት ትጽውዕ
ባዕልኻ ክተት እቶዋ እታ እሳተ ባርዕ
ኣብዘየለኻሉ ውግእ ሓዊ ኣይትወልዕ
ብቲፎዞ ጥራይ ኣብዚ ኮንካ ከተጣቕዕ

ኣንታ ሕምቱል ህግደፋዊ ነገር ማሳወሪ
ውግእ ትጸበለኻ ምስ ሰብ ስግረ ባሕሪ
ዘይ ተገብረ ሓሶት ኣቃማምካ ከተውሪ
ሎሚኸ መንዩ ክጥበሰልካ ኣብቲ ጓህሪ?

ዘምብድዐኛታት ብህዝቢ ዘሸካዕልሉ
ወግሐጸብሐ ብሰብ ከላግጹ ዝውዕሉ
ሱስዓት ፍጥረት ናይ ግዜና ጉሓላሉ
ነብሶምዘ ይፍትሹ ሓንጎ ሎምዝኣጎሉ
ኣድጊ ኳነ ቒሑን ኩሉ ኣስተብሂሉሉ

ሕሱር የ ሕስረካ ዝተባህለ ቀደም
ብድዐ ንህዘቢ ሱዳን ድሮ ጀሚሮም
ባዕደል ፍጡፍ እናበሉ ከላግጽሎም
ብላዕ ስተ ተፈደል ሱዳንዶ ትጥለም
እዚ ብሩኽ ህዝቢ ደላይ ፍቕሪ ሰላም

ንሓላፍ መንገዲ ንቐደምባል ስለ ዝበሉ
ዚኦ ምይኸብሩ ምባር ዚኦ ምዱ ይቃለሉ
ዔብዩ ንጽቡቕ ዝገበርልኩምክ ትብድሉ
ብሚርገ ምናትኩሙዩ ህዝብና ተበዲሉ

ሕያዋይ ህዝቢ ከሎ ዓሻ ቆጺርኩሞ
ዘሎ ንብረቱ ሰሪቕኩምጓሕጒሕኩሞ
ብልሽውና እቲኹምዓዱ ተቋጻጺርኩሞ
ቁዱስ ሰፈር ዝነበረ ሃገር ኣራኺስኩሞ

ዝለመድኩሞዝምታ ስለ ዝጎደለኩም
ዶበይ ክሕሉ ተበለ ዕብዳን ኣትይኩም
ምስ ዓለምዘ ይቋዶ ስርዓት ተኺልኩም
ምስ መንግስቲ ሱዳን ካብ ተባተኽኩም
ሎምስ ሰሓንዋ ተገ ጢሙሽ ጣራኹም

ዓመጽን ሽፈጥን ካብዓቕኑ እንተበዚሑ
ብድዐን ንዕቀትን እንተተራእየ ጎሊሑ
ናይ ሓሶት ጃህራን ፈኸራን ምስተነ ዝሑ
ሎሚስ ይኣክል ኢሉ ህዝቢ ሱዳን ጎሪሒ
ዝስረቕ ምስ ሰኣንኩም ነገር ክትፍሕፍሑ

ብለን ዓይኑ ዝነበረት ሱዳን ሎሚዩ ዓዊሩ
ሕቡእ ዝኣቱ ኣቑሑ ኮንትሮባንዳ ተሰዊሩ
ከፋራርሕ ክንደይ ጨዲሩ ዝኣኽሎ ፈኪሩ
ኣኽለክን ቀደምከይማስለክን ንባዶ ጊዒሩ
ህግደፍ ወዲቑዩ ኣብ ኩሉ ሜዳያቱ ተሳዒሩ
ምሒር ጎሪሕና ክብል ተታሒዙ ብዓንቀሩ

ኣንታ ወረ ውግእ ትጽበ ዘለኻ ጸረ ሰላም
ጸሓይ ዕራርቦ ትጀሃር ትፍክር ትሓለም
ግጭትን ሁወከትን ገዲፍካ ተማ ንሰላም
ብኩናት ዝተዓወተ ኣይተረአን ኣብ ዓለም

ንምኳኑኸ ተቐሪብካ ዲኻ ንስኻኸ ባዕልኻ
ዶስ ኣብዚ ኮንካ ኢኻ ከተጨፍሽ ህዝብኻ
ሓቅኻኻ ሓቅኻ ሒጻ ቆርጥማኡ ዘይስንኻ
ንሶምክሞቱ ስኻ ከተጣቕዕ ኮቦሮ ሒዝካ

ብዓል ንሕና ንሱ ኣብዚ ነገር ካብ ተካውሱ
እንሆ ሜዳ እንሆ ፈረስ ሃየ ንቐሉ ተበገሱ
ጓይላ ኮቦሮ ገዲፍኩምሃገርኩምኣውሕሱ
ሃገር ኣማዕዲኹምከይትረኡዋ ከይትፍደሱ

ክተት ህግደፋዊ ድሓር ተጠሊዕካ ከይተእዊ
ስደት ኮንካ ዝይተባህለ ዘረባ ካብ ትጠዋዊ
ኣርኣያ ኩን ምራሕ ኣንታ ፎሽኳል ሓሳዊ
ክሳብ ምዓስ ክትከውን ኣባ ጓይላ ውልቃዊ
ሕልና ግበር ሕሰብ ንኽትከውን ፍትሓዊ፣

ኤረና ኩሑሎ ሎምዘመን ሓዲኡሎ